# ልኡኽ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ ዝርርብ ኣካይዱ

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
11 መጋቢት 2010

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዑደት ዝርከብ ላዕለዋይ ልኡኽ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዕለት 6 መጋቢት 2010  ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኤትዮጵያ፡ ክቡር ኣቶ መለስ ዜናዊ፡ ተራኺቡ ዕቱብን ዓሚቝን ዝርርብ ኣካይዱ። ኣብዚ ብኣቶ  ኣድሓኖም ገብረማርያም፡ ሓላፊ ክፍሊ ወጻኢ ዝምድናታት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝምራሕ ልኡኽ፡ ኣባላት መሰጋገሪ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ዝኾኑ ኣቶ መስፍን ሓጐስን ኣቶ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ) ይርከብዎ።

ልኡኽ ሰልፊ እዚ ርክብዚ ንክግበር ዝተዋህቦ ዕድል ድሕሪ ምምስጋን፡ ካብ ኣቦ መንበር ሰልፊ፡ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር ዝተላእከ መልእኽቲ ንቀዳማይ ሚኒስተር ኣረኪቡ። ብድሕሪኡ ድማ ንትሕዝቶ መልእኽቲ ኣቦ መንበር ሰልፊ፡ ብዝርዝር ገሊጹ።  ካብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝጽበዩ ደገፋት ሓቲቱ።   ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ኤርትራን ኩነታት ደንበ ተቓውሞን ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳንን ዘለዎ ርእይቶታት እውን ኣብሪሁ።

ክቡር ቀዳማይ ሚንስተር መለስ ዜናዊ፡ ኣብ ዝረፈላለዩ መዳያት፡  ብወገን ኤትዮጵያ ዘሎ ርእይቶ ብምግላጽ፡ ብዛዕባ ዞባውን ኣህጉራውን ኩነታት፡ ብዛዕባ ኩነታት ኤርትራን ስቅያት ህዝባን፡ ዓሚቝ ተንታን ኣቕሪቡ። ኣብ ልዕሊ  ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ንዘሎ መርገጽ ኢትዮጵያ ብዘርኢ፡ ክሳብ ሕጂ ዝከኣል ሓገዛት ከበርክት ከም ዝጸንሐ ኣብ ልዕሊ ምርግጋጽ፡ ኣብ ትሕቲ ህልዊ ስትራተጂ መንግስቲ ኤትዮጵያ ንተቓውሞ ኤርትራ ከበርክቶ ዝጸንሐ ደገፋት፡ ካብ ዝነበሮ ብዝሓሸን ኣድማዕን ብዝኾነ መንገዲ ክቕጽሎ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ብፍላይ ንሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዝምልከት ዝቐረበ ሕቶታት ክምልስ እንከሎ ድማ፡ ኩሉ እተጠቕሰ ጉዳያት ብዕቱብነት ተራእዩ፡ ኣብ ክሊቲ ዝተገልጸ ስትራተጂ ኣድማዒ ብዝኾነ መንገዲ መልሲ ክወሃቦ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ መንጎ ልኡኽናን ቀዳማይ ሚነስተርን ዝነበረ ዝርርብ፡ ኣዝዩ ጠቓምን ንመጻኢ  ምዕባሌ ደንበ ተቓውሞን፡ መጻኢ ኤርትራ ብሓፈሻኡን ዘማዕደወ ነበረ።